# መምርሒታት ድሕነትን ስርዓትን ቤት ሓምባሲት ሙራ ሲምሃል

መእተዊ ዋጋ ብምኽፋል ናይዚ ኮሙን ናይ ቤት ሓምባሲት መምርሒታት ድሕነት/ስርዓት ተቐቢልካ ኣለኻ ማለት'ዩ።

**ሙራ ኮሙን ዚቐበሎ መግለጺ ክእለት ሓምባሲት "150 ሜትሮ ብኣፍልቢ 50 ሜትሮ ከኣ ብሕቖ "**

- ብመምርሒ በት ሓምባሲት መሰረት ኵላቶም ወኪላት ኣብ ናይ ደቆም ድሕነት ሓላፍነት ይስከሙ። ወኪል ኪበሃል ከሎ ሓምቢሱ ዚኽእል በጽሒ ሰብ (ልዕሊ 18 ዓመት) ማለት'ዩ።
- ትሕቲ 10 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑን ሓምቢሶም ዘይክእሉን: ምስ ሓላፍነት ዚስከም ክዳን ዝቐየረ ወኪል ጥራይ'ዮም ኪኣትዉ ዚፍቀዶም። ወኪል ኪበሃል ከሎ ሓምቢሱ ዚኽእል በጽሒ ሰብ (ልዕሊ 18 ዓመት) ማለት'ዩ።
- ወኪል ናይ ቤት ሓምባሲት መእተዊ ክፍሊት ኪኸፍል ኵሉሳዕ ግዱድ'ዩ፤ ብምኽንያት ድሕነት ከኣ: ኵላቶም ዓማዊል ቤት ሓምባሲት ክዳን ዝቐየሩ ኪኾኑ ኣለዎም።
- ኵሉ ሰብ ብሓላፍነቱ'ዩ ዚሕምብስ። ሓለዋ ሓምበስቲ ድሩት'ዩ።
- ምእንቲ ድሕነትካን ድሕነት ካልኦትን ግድን ንመምርሒታት ድሕነትን ሰራሕተኛታት ዚህብዎ ናይ ቃል መምርሕን ግድን ተኸተል።
- ነዕናኽትኻ ሓሉ - "ንሕድሕድኩም ተሓላለዉ"።
- ኣይትጕየ - ናይ ምውዳቕ ሓደጋ ዓብይ'ዩ።
- ፈጺምካ ሰብ ኣይትድፋእ ወይ ሰብ ትሕቲ ማይ ጸቒጥካ ኣይትሓዝ።
- መስተንፈሲ ስኖርከል (Snorkel) መሐምበሲ ክንፊ (simfenor) ምጥቃም ኣይፍቀድን'ዩ።
- ብቐቡል መሐምበሲ ክዳን ጥራይ ኢኻ ትሕምብስ (ሙታንቲ ኣይፍቀድን'ዩ)።
- ልዕሊ 9 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ ናብ ናይ ተጻራሪ ጾታ መቐየሪ ክፍሊ ኪኣትዉ ኣይፍቀዶምን'ዩ።
- ኣብ ውሽጢ ኣዳራሽ ቤት ሓምባሲት: ብዘይ ፍቓድ ስእሊ ሰብ ምልዓል ክልኩል'ዩ። እዚ ኸኣ ንንቡር መስኣሊ ካሜራን ንምባይልን ይምልከት። ምስ ሰራሕተኛታት ርክብ ግበር።
- ንኹሉ ብጕጅለ ዚግበር ምብጻሕ ምምዝጋብ የድልዮ። ምዝገባ ኪግበር ከሎ: ቍጽሪ ዚሕምብሱ መራሕቲ ንምውሳን ዝርርብ ይግበር። ግዜ ክትምዝግብ: ናይ ቤት ሓምባሲት መቐበሊ ብቝጽሪ ስልኪ 0250-159 25 ደውል።
- ናይ ጕጅለ ምብጻሕ ኪግበር ከሎ: ሓደ ሓላፍነት ዚስከም መራሒ ይሸየም።
- ናይ ማይ ስፖርት/ትምህርቲ ምሕምባስ ኣብ ዚህልወሉ ወቕቲ: ጋብላታት/ክፋላት ጋብላታት ኪተሓዙ ስለ ዝኽእሉ ነዚ ኣኽብር።
- ጠራሙዝ ኣብ ብምሉኡ መሐምበሲ ኣዳራሽ ክልኩል'ዩ።
- ዝኾነ ዓይነት ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ ክልኩል'ዩ።
- ኣብ ክልቲኡ ክፋላት መሐምበሲ ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን ሰራሕተኛታት ኪህልዉ ይኽእሉ'ዮም።

## ክዳን መቐየርን መሕጸብን

- ዘለና ኣገባብ መዕጸዊ ናይ ሊኬቶ'ዩ። ናትካ ሊኬቶ ኢኻ ትጥቀም።
- ቤት ሓምባሲት ኣብ ድሕነት ክቡር ኣቕሓ ሓላፍነት ኣይስከምን'ዩ።
- ናብ ሳውናን ናብ መሐምበስን ቅድሚ ምእታውካ ኣካልካ ተሓጸብ።
- መሐምበሲ ክዳን ኣብ ሳውና ኪኣቱ ኣይፍቀድን'ዩ።

## መምሃሪ ጋብላ (ባሴንግ)

- እቲ መምሃሪ ጋብላ: ቅድም ቀዳድም ነቶም ሓምቢሶም ዘይክእሉ እዩ።
- ንቑታ (ካብ ላዕሊ ተነቚትካ ምእታው) ክልኩል'ዩ።

## ናይ መንቀሳቐሲ ጋብላ (ሞሹንባሴንግ)

- መጻወቲ ኣብ መስመር ሓሙሽተን መስመር ሽዱሽተን ጥራይ ይፍቀድ።
- መስመር ሓደን መስመር ክልተን ንመንቀሳቐሲ (ሞሹን) ጥራይ የገልግላ።

- ኣብ ገመድ ጠልጠል ምባል ኣወግድ።

## ዓሚቕ ጋብላ

- ሓምቢሶም ዚኽእሉ ጥራይ ኣብ ዓሚቕ ጋብላ ይኣትዉ። ሓምቢሶም ዘይክእሉ ኣብ መስመር 5ን መስመር 6ን ይኹኑ።
- ኣብ መዝለሊ ትራምፖሊን በብሓደ ጥራይ ይእቶ።
- መጻወቲ ኪኣቱ ኣይፍቀድን።

## ጋብላ ፍሪቕሪቕ (ቡብልፑል)

- ፍሪቕሪቕ ክብል ከሎ ጥራይ ሓምብስ።
- እንተ በዝሑ ሸሞንተ ሰባት)።
- ነፍሰጾራት ኣብ ቡብልፑል እንተ ዘይሓምበሳ ይምረጽ።

## ዝተረፈ

- ሰራሕተኛታት: ኣብ ኣብያተ መሐምበስን መሕጸብን ንሰብ ዘቕስን: ዘተኣማምንን ቤት ሓምባሲት ኪኾውን ምሕላው ዕማሞም'ዩ፤ ንሕግታት ስነ-ስርዓት ኣብ ግብሪ ከውዕሉን፤ ኣብ ሕግታት ዘይክተሉ በጻሕቲ ስጉምቲ ኪወስዱን መሰል ኣሎዎም።
- ሕጊ ምጥሓስ ሳዕቤኑ ምስጓግ/ምኽልካል እዩ። ዝተኸፍለ መእተዊ ወይ መዐለሚ ክፍሊት ሸዑ ኣይምለስን'ዩ።
- ኣብ ቤት ሓምባሲት ምእታው፤ ናይ ቤት ሓምባሲት ኣገልግሎት ምጥቃም ኩሉ ብሓላፍነትካ ዚግበር'ዩ።

**ካሳ 30 ደቒቕ (ሓሙስ ሓደ ሰዓት) ቅድሚ ናይ ምዕጻው ሰዓታት ቤት ሓምባሲት ይዕጾ።**
**ኣዳራሽ ሓምባሲት 15 ደቒቕ ድሕሪ ናይ ምዕጻው ሰዓታት ይዕጾ።**

**ደስ ዘብልን ጽሩይን ኣገልግሎት ሓምባሲት ኪህሉ እጃም ብምብርካትኩም ነመስግን!**

***ለውጥታት ኪህልዉ ይኽእሉ'ዮም***